# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.36 | ሰንበት 11 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
ስርዓተ-መዘሓሓሊ ኣብ ምርዓቕ ቀጸላ ኦዞንን ኣከባብን






ገጽ 5
ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር





ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 8
ኩዕሶ ሰኪዐት፡ ስልጠና...




## መልእኽቲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ናብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት

**10 ጥቅምቲ 2026**



ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ፡ ብ9 ጥቅምቲ 2026 ናብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ነቲ ንሰለስተ ዓመታት ነጊሪት ዝደሰቐሉ ወረር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብወግዒ ንምጅማር፡ "ስጉምቲ ይወስድ ከምዝሎ" ኣፍሊጡ።

"ኮፍሱምክልኻል" ብዙብል ምስምስ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ልኡላዊት ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክኣይዶ ወጢኑ ዘሎ ኩናት፡ ትሕዝዙኣልቦ መታለሊ ፈተነ ጸርፌ ንኣስተውዕሎ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን እዩ።

ከም ዝዝከር፡ ኤርትራ - ንልኡላውነታን ግዝኣታዊ ሓድነታን ብምጥሓስ፡ "ብሓይሊ ኣፍደገ ባሕሪ ንምውናን" ዘንቀደ ዘይምኽኑይ ኣጀንዳ ኩናት ኢትዮጵያ፡ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብተደጋጋሚ ክተፍልጥ ጸኒሓ'ያ።

እዚ "ጡሓርኩኹም" ዝሕመረቱ፡ ንመሰረታዊ መትከላትን ዓንድታትን ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕስን ንዘይግዛእ ልኡላውነት ኤርትራ ዘናሹን ዝኽሕደን ኣሰልካፊን ዘይሕጋውን ታህዲድ ኢትዮጵያ፡ ናይ ኣደባባይ ምስጢር'ዩ።

ኢትዮጵያ ክተካይዶ ዝጸንሐት ዝባዊ ርግኣት ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ተኸታታሊ ተግባራት ኩናት፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራትን ሓያሎ ኣባላት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ፡ ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 25 ዓመታት ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ክኽበር ከምዝለዎ ዘጸር ዝተወሃሃደ መግለጺ ከውጽኡ ደሪኹ'ዩ።

እንተኾነ፡ ኢትዮጵያ ኸዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዕሽሽ ኢላቶ ጥራይ ዘይኮነት፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ግዝኣታ ዝጀመረቶ ሰፊሕ መጥቃዕቲ፡ ነቲ ንዊሕ እዋን ዝወጠኑቶን ዝተዳለወትሉን ወረር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክትተግብሮ'ያ ኣንቂዳ ዘላ።

ምኽትል ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ኢትዮጵያ ጀነራል ኣበባው ታደሰ፡ ብ27 መስከረም 2026 (ዝሓለፈ ወርሒ)፡ "ናይ መውዳእታ መዓርፎና ዓሰብ'ያ። መቐለ መሰጋገሪት ጥራይ'ያ።" ክብል፡ ነቲ ንኤርትራ ናይ ምውራር ውዱእ ውጥን ደርጒሕዎ'ዩ።

ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ኤርትራ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ነቲ ኣብ ኣህዙብ ክልቲኡ ሃገራት ከቢድ ዕንወት ዘስዕበን ዝባዊ ርግኣት ዝዘርግን ኣዋጅ ኩናት ኢትዮጵያ ኣንጻር ኤርትራ ኣጥቢቑ ብምውጋዝ፡ ብመሰረት ምዕራፍ 7 ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ጉቡእ ስጉምቲታት ክወስድ ትላቦት።

**ዑስማን ሳልሕ**

**ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሃገረ ኤርትራ**

## ኣብ መስርሕ ምእላይን ምሕብሓብን ስንኩላን፡ ምቕርሐ ምዕሩይ ዕድላት ብዝሓየለ ክሰራሓሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ መስርሕ ምእላይን ምሕብሓብን ስንኩላን፡ ምቕርሐ ምዕሩይ ዕድላት ብዝሓየለ ክሰራሓሉ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ምሕረትኣብ ፍስሃየ፡ ብማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ኣብ ዝተወደበ ዓውደ-ዘተ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ዚ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃጎሰኤ ዝተኻየደ፡ ካብ 6 ዞባታት ዝተወከሉ ሰብ-መዚ መንግስቲ፡ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንጉዳይ መሰል ስንኩላን ብሓፈሻ ስንኩላን ቈልዑ ድማ ብፍላይ ኣብ ሃገራዊ ቻርተሩን ሕግታቱን ኣሰፊሩ፡ ኮም ዝሰረቱ ናብዮትን ምዕሩይ ተሳታፍነትን ንኽረጋገጽ፣ ከማኡ'ውን ስንኩላን ተኻፈልቲ ኩሉ ጸጋታት ንክኾኑ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ምጽንሑ ገሊጹ።

መሻርኽቲ ብሓፈሻ ተሳተፍቲ ዓውደ-ዘተ ድማ ብፍላይ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ምእላይን ምሕብሓብን ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝኩበሩ ቈልዑ ብምብራኽ፡ ኣብ ጉዳይ ትምህርቲ፡ ጥዕናን ማሕበራዊ መዳይን ኮም ዝሰረቱ መደባት ዝረጋገጸሉ ባይታ ክፍጠር፣ እቲ ጾር ድማ ናይ ሕብረተሰብ ዝኾነሉ ባይታ ክጣጣሕ ኣቶ ምሕረትኣብ ተላብዩ።

ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ያቆብ ሃይለ ብወገኑ፡ ንሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታ ማሕበር፣ ከምኡ'ውን ዓይነትን ቁጽርን ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝኩበሩ ቈልዑ ብደረጃ ዓለምን ሃገርን ብዝርዝር ኣቕሪቡ።

ኣደ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ኤርትራ ወ/ሮ ይብራህኣለም የዕብዮ ድማ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ልዕሊ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዝጸንሐ ድሑር ኣጠማምታ ተወጊዱ፡ ኩሉንትናዊ ምዕባለኦም ንምውሓስ ምስራሕ ምዃኑ ገሊጻ።

እዚ ከምዚሉ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኮም ዝሰረቱ ምሕብሓብን ናብዮትን ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ንምርግጋጽ፡ ብጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝተወደበ ዓውደ-ዘተ፡ ብ9 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ተኻዪዱ።






ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና፡ ኣብ'ዚ እዋን 7090 ምዝጉባት ኣባላት ኣለውዎ።

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ጨንፈር ሃብሰኤ ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ምስ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብምውህሃድ፡ ንሰራሕተኛታት ኩባንያ ፍሪያት ባሕሪ ኤርትራ፡ ኣብ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ብ8 ጥቅምቲ ኣብ ዓሰብ ወሃቡ።

ነቲ ኣስተምህሮ ዝሃቡ ሞያውያን፡ ኣብ ድሕነትን ጥዕናን፡ ሞያዊ ድሕነትን ኣምራቲን ከምኡ'ውን ዕዮን ምሕደርኡን ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።

ሓላፊ ጨንፈር ሃብሰኤ ኣቶ ሐሴን



ኻልድ ብወገኑ፡ ግቡኣትን ግደታትን ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ኣብ ምርግጋጽ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ዝምልከት መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፡ እቲ ዕላማ - ኣሰራሕቲ ትካላት ናይ ድሕነትን ጥዕናን ፖሊሲ ብምውጻእ፡ ኣብ ምሕደራ ዘለወን መረዳእታ ብምስፋሕ ንዘለዓለ ዕብየትን ምዕባለን ክሰርሓ ከምዝኾኑ ሓቢሩ።

ኣካያዲ ስራሕ ኩባንያ ፍርያት ባሕሪ ኤርትራ ጨንፈር ዓሰብ መንእሰይ ዓሊ ዒሴ ድማ፡ ሃብሰኤ ምስ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ዘካይዶ ዘሎ ስራሕ ብምምጓስ፡ ከም'ዚ ዓይነት ኣስተምህሮታት ንዕቤት ትካል፡ ኣሰራሕቲን ሰራሕተኛታትን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ስለዘለዎ፡ ቀጻልነቱ ክወሕእስ ተማሕጺኑ።

# ማእከል፡ ብሞያ ዝሰልጠኑ ልዕሊ 1,500 መንእሰያት ተመሪቖም

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ሃማመተኤ ምስ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብምውህሃድ ኣብ ዝወደቦ ናይ 3 ኣዋርሕ ስልጠና ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 1,563 መንእሰያት፡ ብ7 ጥቅምቲ ተመሪቖም።

እቲ 13 ዓይነታት ሞያ ዘጠቓልል ስልጠና፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ዝተዋህበ ኰይኑ፡ ንዘበዝሑ ብፍርቂ ዋጋ፣ ን337 ድማ ብነጻ ከምእተዋህበ፡ ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት ተገሊጹ።



ስእሊ. ሳሚኤል ንጉሰ

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ወ/ሮ ልኡል ኣስራት ብወገና፡ መንእሰያት ሰልጠንቲ ረኺቦሞ ዝለዉ ዕድል ምስ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ብምስናይ፡ ብግብራዊ ስራሕ ከማዕብልዎ ኣዘኻኺራ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቦ-መንበር ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶም ክፍሎ፡ እቲ ስልጠና ብብዝሒ ተሳተፍቲ ናይ መጀመርያ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ነቲ መደብ ክውን ንምግባር ንዘጸዓሩ ምስጋና ኣቕሪቡ።

## ሓመልማሎ - ቅነ መንእሰያት ኣብ ዋዝንተት ብዝተኻየደ መደብ ተዛዚሙ



ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ካብ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ክካየድ ዝጸንሐ ቅነ መንእሰያት፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዋዝንተት ብዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ብወግዒ ተዛዚሙ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ጀማል ወልዲት፡ እቲ ንተመሃሮን መንእሰያትን ዘሳተፈ መደብ፡ ውድድራት ባህልን ስነ-ጽሑፍን፡ ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ቁንጅና፡ ሓፈሻዊ ፍልጠትን መደረን ዘጠቓልል ምንባሩ ሓቢሩ።

እቲ ውድድራት፡ መንእሰያት ባህላዊ ክብርታቶምን ሃገራዊ ንቕሓቶምን ከበርኹ ዝሕግዝ ልዑል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ከምዝነበሮ ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ ወለዲ ብኣተኩሮ ክሰርሑን ኣበርክቶኦም ከዕዝዙን ተላብዩ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዋዝንተት ኣቶ ያሲን መሓመድ ብወገኑ፡ መደባት መንእሰያት ኣብ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ብውዱብ ኣገባብ ክካየድ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምሕባር፡ መንእሰያት ነቲ ዕድል ተጠቒሞም ውዳበኦም ከሐይሉን ኣበርክቶኦም ኣብ ሕብረተሰብ ከበርኹን ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሃመማተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ ማሕበር - ውዳበታቱ ናብ ምምሕዳራት ከባቢ ብምውራድ ዘሰላስሎ ንጥፈታት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ መንእሰያት ብንቕሓት ክሳተፍዎ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ቅነ፡ 1ይቲ ምምሕዳር ከባቢ ዋዝንተት፡ 2ይቲ ምምሕዳር ከባቢ ግዝግዛ፡ 3ይቲ ድማ ምምሕዳር ከባቢ ዝሮን ኲይነን ተዓዊተን።

## ኣብ ጥዕናዊ ረብሓታት ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ጥዕናዊ ረብሓታት ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው ዘተኰረ ኣስተምህሮ፡ ብ8 ጥቅምቲ ንኣባላት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ተዋሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣፍልጦን ርድኢትን ሕብረተሰብ ኣብ ኣገዳስነት ኣዮዲን ንደቂ-ሰብን እንስሳታትን ክብ ብምባል፡ ብሕጽረት ኣዮዲን ዝስዕቡ ሕማማት ንምቁጽጻር ዝግበር ጻዕሪ'ዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዳስትሪን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኢንዱስትሪያዊ ልምዓት ኣቶ ታደሰ ወልደዮውሃንስ፡ ጨው ኣብ ሰብነትና ዝርከብ መጠን ፈሳሲ ምዕሩይ ክኸውን ከምዝሕግዝ፡ ኣዮዲን ምስ ዝውሰኾ ድማ ጸገማት ዝሕታለ ኣእምሮ፡ ስርዓተ መትኒ፡ ጉረንጉሬት፡ ስርዓት መፍረን መጠን ሞት ህጻናትን ኣብ ምንካይ ዓቢ እጃም ከምዘለዎ ኣረዲኡ።

እቲ ዝበለጸን ዝቐለለን መንገዲ፡ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ብቐረባን ብዝሓሰረን ዝረኽቦ ጨው ኣዮዲን ምውሳኽ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኤርትራ ብሰንኪ ሕጽረት ኣዮዲን ዝስዕቡ ሕማማት ንምጥፋእ ኣብ 1993 ውዕል ከምዝፈረመት፣ ካብ 1994/95 ድማ ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው ብግብሪ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ከምዝጀመረ ብተወሳኺ ኣብሪሁ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ክኢላ ስነ-መግቢ ሲስተር ኣምለሰት ሓጎስ ብግደኣ፡ ኣብ 1998 ኣስታት 98 ሚእታዊት በጺሑ ዝነበረ ተጠቃምነት ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው፡ ኣብ 2010 ናብ 86 ሚእታዊት ከምዝወረደ ብምሕባር፡ ምሕዋስ ኣዮዲን ኣብ ጨው ሓንሳብ ምስ ተኣታተወ ብቐጻልን ብስሩዕን ዝካየድ መስርሕ እምበር፡ ብሕጽረት ኣዮዲን ዝስዕቡ ሕማማት ተኣልዮም ኢልካ ምቁራጹ ግቡእ ከምዘይኰነ ኣነጺራ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ሕብረተሰብ ብቐንዱ ድማ ኣብ ኣደታት ቀጻሊ ጎስጓሳት ክካየድ፣ ኣብ ኣፍረይትን ኣከፋፈልትን ጨው ዕቱብ ክትትል ክግበር፣ ከምኡ'ውን ብቕዓት ኣዮዲን ኣብ ጨው ዝቈጻጸር መሳርሒ ብሰፊሑ ክተኣታቶ ተላብዮም።



ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንኣባላት ሃኮሰኤን ሃማደኤን ምኽያዱ ዝፍለጥ'ዩ።

## መደብ ተለቪዥን

### (ሰንበት)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ብተመሃሮ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝቐረብ ምርኢት |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | መደብ ሚሳል |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### (ሰኑይ)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ሳይዳ |
| 14:55 | መደብ ሚሳል |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:00 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# መምህር - ሞያ ዘቕስም ብርሃን ኣእምሮ

የናታን የዕበዮ
ስእሊ፦ ፈያሜት ማሰፍን

መምህር መኽርኽር ምዕባለን ዕበየትን ሕብረተሰብን ሃገርን እዩ። ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም ድሙጽ ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ዓይነት ምዕባለ ምዃኑ ብምእማን ንሞያ ምምህርና ቀዳማይ ኩሎም ዕዮታት ሰሪዐን ይሰርሓሉ።

ሞያ ምምህርና፡ ኣብዛ ንሕብረል ዘለና ዓለም ርእሲ ኩሉ ሞያታት ምዃኑ፡ ኩሉ ወዲ ሰብ ብሞገዕሪ ዝሰማምዓሉ ሓቂ እዩ። መምህር ከአ ተቓጻሊ ዘይብሉ ዋና ናይዚ ሞያ እዩ። መምህር፡ ደማሪና ከዀድል፡ ኣርባሕና ክንመቕል፡ ምስጥር ህይወት ክንፈልጥን ዝጠቕመና፡ ከምኡ'ውን ተመራማሪና ክንፈልጥን ክንመምን ዝዑበር ክቡር ብፁል ሞያ እዩ። መግለጺ ዘይርከቦ ድንቂ ዝኾነ ብልሒ ዝተዓደለን፡ ፍልጠቱ ከይበቐቐ ናብ ወለዶታት ከሰጋግር ለይቲ ምስ መዓልቲ ዝጽዕትን መሕደር ሽሕ ብፁል ሞያ እዩ። ስለዚ፡ መምህር፡ ኩሉ ግዜ ፍቕሪ እናሸተተን ግዜኡ እናሰውኣን እዩ ብርሃን ሕብረሰተብ



ዝኸውን። በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ ንስለ ክብሩ ተባሂሉ ክዝከረላን ክኽበረላን ዕለት 5 ጥቅምቲ ፍሉይቲ መዓልቲ ተፈልያትሉ። ዓመት መጸ ድማ እዛ ዕለት፡ ብሃገርን ዓለምን ደረጃ ብኽቡብ ዝበለ ደምቀት ተዘከራ ትውዕል።

ናይ ሎሚ ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን "ኣብ ጎደኒ መምህራን ብምቛም፡ ደረጃኦም ክብ ነብል" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብደረጃ ሃገር ንመበል 30 ግዜ፣ ብደረጃ ዓለም ድማ ንመበል 33 ግዜ ተዘኪሩ'ያ። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት ዝኽሪ ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን 2026፡ ብምውህሃድ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከልን ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር መምህራን ዞባ ማእከልን፡ ከምኡ'ውን ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰረጃቓን፡ ተወዲቡ እዛ ክብርቲ ዕለት ተዘኪራ ነይራ። ኣብቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ንኡስ ዞባ ሰረጃቓ ዝርከብ ኣዳራሽ ዝተኻየደ መደብ፡ ብቖንዱ ንኽብሪ'ታ ዕለት ንምግዳብራቓ፣ ምስኡ ድማ ን21 ኣብነታውያን መምህራን ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ሽልማት ናይ ምዕዳል ስነ-ስርዓት'ዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ'ቲ ዕለት፡ ማሕበር መምህራን ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ን4 ስድራቤት ስውኣት፡ ነፍሲ ወከፎም ናይ 5000 ናቕፋ ገንዘባዊ ደገፍ ገይሮምሎም።

እቲ ንብሉጻት መምህራን ናይ ምትብባዕ መደብ፡ ብሰንበት 4 ጥቅምቲ ማለት ድሮ ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን'ዩ ተሰላሲሉ። እቲ መደብ ኣብ ኣዳራሽ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰረጃቓ ዝተኻየደ ኮይኑ፡ እቲ ኣደራሽ ዘይከም ካልእ መዓልቲ፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዞባ ማእከል ዝተዓደሙ ኣጋይሽ፡ ነታ ዕለት ንምድማቕ ንዓይነኻ ዝማርኽ ባይላ፡ ካምቻን ካራባታን ከምኡ'ውን ባህላዊ ልብሲ ዝተኸደኑ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን መምህራን ከምኡ'ውን ዓበይቲ ዓዲ ተረኺቦምነይሮም።ዕድመ ዝተገበረሎም ኣጋይሽ ማለት፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ዞባ




ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን፡ ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ካልኦት ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ኣባላት ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን መምህራንን ሰዓት 9:30 ቦታኦም ምስ ሓዙ፡ እቲ መደብ ብዘኽሪ ሰማእታት ጀሚሩ።

ቀጺሉ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰረጃቓ መምህር መሪሕ ከሮስየ ሓጺር ቃል ኣስሚዑ። መምህር መሪሕ፡ ንኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን ምርኩስ ብምግባር ንኹሎም ወርቃዊ ግዜኦም ሰዊኦም ፍልጠት ናብ ወለዶታት ኣብ ምትሕልላፍ ተጸሚዶም ዝርከቡ ናይ ለውጢ ሃዋርያ ዝኾኑ መምህራን "እንቋዕ ኣሓጎሰኩምን ናብዚ ክብርቲ ዕለት ኣብጽሓኩምን" ድሕሪ ምባል፡ ዕላማን ተልእኾን መምህር፡ ከም ሽምዓ እናመኽኸኻ ንተማሃራይ ፍልጠት ብርሃን ምዕዳል ምዃኑ ገሊጹ። ምስኡ ድማ ከም ወለዲ ኮይኑ ኣብ ምምእዛዝን ምኽስኻስን ኣብ ስነምግባርን ኩሉንትናዊ ዕበየትን ተማሃራይ፡ ልዑል ኣበርክቶ ከም ዝጻወት ሓቢሩ።

መምህር መሪሕ ወሲኹ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰረጃቓ ካብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት



ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብዘለዎ ራሕቂ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ንክዕምደቡ መምህራን ተመራጺ ከም ዘይኮነ ድሕሪ ምግላጽ፡ የግዳ



መምህራን ንዚሎ ሕጽረታት ተጻዊሮም ሓላፍነቶም ኣብ ምውጻእ ዘርኣይዎ ቅሩብነት ኣመስጊኑ። ሎሚ ዓመት ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ ዝቖየድ ዘሎ መዓልቲ መምህራን ድማ ንኣብነታውያን መምህራን ንምትብባዕ ብዝወጸ መደብ መሰረት፡ ኣብ ትሕቲ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰረጃቓ ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ንዝተዋፈሩ 21 መምህራን ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ናይ ገንዘብን ሽልማትን ወረቐት ምስጋናን ከም ዝተዋህቡ ሓቢሩ።

እቶም ንሽልማት ዝበቕዑ መምህራን ብመሰረት መምርሒታት ሚኒስትሪ ትምህርትን ኣደ-ኣሃዱ ብዝቖረጾ መጸናዕትን ምምያን ዝተሓርዩ ኮይኖም፡ ነዊሕ ዓመት ኣብ ሞያ ምምህርና ክሰርሑ ዝጸንሑ ከም ዝኾኑ'ውን ኣፍሊጡ። ንኹሎም ኑቲ መደብ ክዉን ክኸውን ንዝጸዓሩ ኣካላት ድሕሪ ምምስጋን ከኣ፡ ካልኦት መምህራን ኣብነቶም ክኽተሉ ተላቢዩ።

መምህር መሪሕ ኣብ መወዳእታ፡ ማሕበር መምህራን ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ማእከል ምስ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ብምውህሃድ ኣብ ሞያ ምምሃርን ምስትምሃርን ንዝተዋፈሩ ኣባላቱ ዝውድብ ዘሎ ስልጠናታት፡ ማሕበር እወታዊ ጎስጓስ የርኢ ከም ዘሎ ዘገንዘበ ስለ ዝኾነ ብዙሓዩለ ክቕጽል ኣዘኻኺሩ።

ኣቦመንበር ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር መምህራን ዞባ ማእከል መምህር ዳኒኤል መንግስትኣብ ብወገኑ፡ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ማሕበር ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምዃኑ ንዕበየትን ምዕባለን ትምህርቲ ክሕግዙ ዝኽእሉ ሞያዊ ስልጠናታት ንመምህራን ከም ዝሀብ ሓቢሩ። እዚ ከኣ መምህራን ዓቕሚ ደለቦም፡ ንዝተሰከምዎ ሓላፍነት ብትግሃት ንኽፍጽሙ ዝዓለመ ከም ዝኾነ ኣረዲኡ። መምህራን ብግደኦም፡ ሞያኦም ተፈታዊ ዝኾነሉ ባይታ ንምጥጣሕ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ማሕበር መምህራን ጨንፈር ዞባ ማእከል ምስ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ብምውህሃድ፡ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2025-2026፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናታት ከም ዝወደበ ጠቒሱ፡ ኑቶም ኣብ ምምሕዳራዊ ንጥፈታት ዝሰርሑ ሓያሳቲ መምህራን ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ድማ፡ ኣፍልጦ ብዝዕባ ቅዋም ማሕበርን ስነምግባር ክህልዎም ዝሕግዙ ስልጠናታት ከም እተዋህበ ኣገንዚቡ።

ሃገራዊ ማሕበር መምህራን ኤርትራ፡ ጎደኒ ጎደኒ'ቲ ንኣባላቱ ዝሀቦ ሞያዊ ስልጠናታት ብኻልእ መዳይ ኣብ ምሕጋዝም'ውን ዘይንጻቕ ኣበርክቶ ከም ዝዑበር ዝሓበረ መምህር ዳኒኤል፡ ደቂሱ ንዝሕከም ኣባል ማሕበር፡ ክሳብ 3 ሽሕ ናቕፋ ሓገዝ፣ ብሞት ንዝተፈልየ ኣባል ማሕበር፡ ክሳብ 40 ሽሕ ናቕፋ ደበስ፣ ንዝምርያ ኣባል ማሕበር 10 ሽሕ ናቕፋ ሓገዝ ከም ዝወሃብ ኣብሪሁ። ብተወሳኺ፡ ብሕክምና መጸር ንዝተኣዘዙ ከነ ሰኑ ዝሰተኻኽል ኣባል ማሕበር'ውን፡ ክሳብ 5 ሽሕ ናቕፋ ልቓሕ ከም ዝፍቀዶ ኣረዲኡ።

ወከል ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር ማሰፍን ወልደሰላሰ'ውን ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ቃል ኣስሚዑ ነይሩ። መምህር ማሰፍን፡ "ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን ምእንቲ ዝኽርን ጽንብልን ዘይኮነ፡ ሞያዊ ሓላፍነትና እንበራብረላን መብጽዓና እነሐድሰላን ንልዑል ወጽኢት ሰራሕ ተበግሶና እነሐይለላ ዕለት'ያ" ብምባል፡ ሞያ



ምምህርና እቲ ዝኸበረን መሰረት ኩሉ ምዕባለን ብምዃኑ ኣገንዚቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምርምርን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም'ውን፡ ኣብቲ ብደረጃ ሃገርን ዞባ ማእከልን ዝተኻየደ ዝኽሪ ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን ቃል ኣስሚዑ ነይሩ። ኣቶ ጴጥሮስ፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ'ቲ ብዓቕሚ ሰብን ዕጥቕን ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ዝነበረሉ ግዜ ቃልሲ ንናጽነት ኣትሒዙ፡ ክሳብ'ቲ ዝነበረ ከበድ ብደሆ ኣርሒቑ ብምሕሳብ፡ ሓያል ቁጠባን ውሑስ ሰላምን ዘለዋ መጻኢት ኤርትራ ናይ ምህናጽ ሕቶ ኣብ ትምህርቲ ከም ዝምርኮስ ብምእማን፡ ብድሩት ዓቕሙ ሓዲሽ ስርዓት ትምህርቲ ኣዳልዩ፡ ኣብ ሰንፎፒሮታት ሳሕልን ሓራ መሬትን ማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ከምዝተኻየድ ምግባሩ፡ ነቲ ናይ ምግባር ዓቕሙ ኣጉሊሑ ዘርኣየ ምንባሩ ገሊጹ።

ኣቶ ጴጥሮስ ወሲኹ፡ ህጻናት ብቛንቋ ኣደኦም ክመሃሩ ምውሳኑ ሕጂ ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ክትሓስቦ ክትምርምርን እንክለኻ ህዝባዊ ግንባር ንርሑቕ ዝጠመተ ሓያል ራኢን ጽኑዕ መትከላዊ እምነትን



ኣብ ትምህርቲ ከም ዝበሮ ዝምስክር ምዃኑ ኣረዲኡ።

ማሕበር መምህራን ኤርትራ ኣብ መላእ ሃገር ዝሰላሰል ዘሎ ማሰርሕ ምምሃር



ምስትምሃር ብዓይነት ንምምሕያሽ ኣብ ዝውደብ ስልጠናታት ብዘርእዮ ዘሎ ምትሕብባር ዘመስገነ ኣቶ ጴጥሮስ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን፡ ብኸምዚ ዝበለ ምዕሩግ ኣገባብ ተዘኪሩ ክውዕል ንዝዮጸዩ ኣባላት ማሕበር መምህራን ጨንፈር ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ንኢዱ።

ኣብቲ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን ዝተኻየደ ስነስርዓት ካብ ዝተሸለሙ መምህራን፡ ንገለ ርእይቶኦም

ክህቡና ተወኪስናዮም ነይርና። ሓዲ ካብኦቶም 54 ዓመት ብዞሞያ መምህርና ዝሰርሐ መምህር ረዘ ኪዳነ ዑቕባዝጊ እዩ። መምህር ረዘ፡ ንሞያ ምምህርና ኣዝዩ ከምዝፍቅሮን ከምዝኸብሮን እዩ ገሊጹልና። ምኽንያቱ ምምህርና፡ ብፍልጠት ዝተኸስከሰን ኣብ መጻኢ ምዕባለ ሃገር ደራኺ ተራ ዝጻወትን ዓያዪ ሰብ ምፍራይ ምዃኑ



ገሊጹ። ኣብ ሞያ ምምህርና ብምህላዉ ድማ ኣዝዩ ሕጉስን ዕግቡን ምዃኑ ገሊጹልና።

ኣብ ሞያ ምምህርና፡ 40 ዓመት ዝሰርሐ መምህር የማነ ተኽሉ፡ 30 ዓመት ዝሰርሐት መምህር ኤደን ዳዊት፡ 26 ዓመት ዝሰርሐት መምህር ምሕረት ከተማን ብወገኖም፡ ብምኽንያት እዛ ክብርቲ ዕለት ኣብነታውያን መምህራን ተባሂሎም ክሽለሙ ምብቅዖም ሓበን ከምዝተሰመዖም ብምግላጽ፡ ምምህርና ዝለዓለን ዝኸበረን ሞያ ምዃኑ ማስከሮም። ንሳቶም ኣሰዪቦም፡ ናታቶም ዓወትን ብልጫን፡ ኣብቶም ዘፍረይዎም ተመሃሮ ዝምርኮስ ምዃኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ተኻእቶም ዝኾኑ መንእሰያት መምህራን፡ ንሞያ ምምህርና ብዘለዓለ ክሰርሑሉ ተላብዮም።

ኣቦ መንበር ሃገራዊ ማሕበር መምህራን ኤርትራ መምህር ስምኦን መሓሪ ኣብቲ ብደረጃ ሃገርን ዞባን ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ ዕለት ተረኺቡ'ውን ቃል ኣስሚዑ ነይሩ። መምህር ስምኦን፡ መዓልቲ መምህራን ብቖጥታን ብዘይቀዋረን ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ንዝተዋፈሩ ዜጋን ትካልን ከቢድ ሓላፍነት እተሰከሙ ዕለት ምዃና ብምሕባር፡ ነዚ ሓላፍነት እዚ ንምውጻእ ሕሉፍ ኩነታት ብምግምጋም፣ ሓያል ጎደኒ ብምዕቃብ፣ ድኹም ጎደኒ ብምፍዋስን መጻኢ ብምጥማትን፣ ሓያል ሰራሕ ከምዝድሊ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መደምደምታ መምህር ስምኦን እቲ ዝድለ ዕበየትን ምዕባለን ሃገር ዘረጋግጽ ኣብቲ ዝውሃብ ዓይነታዊ ትምህርቲ ከምዝምርኮስ ጠቒሱ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንጹላት ትምህርቲ ቀዋምነት ብምሃብ ንዘዑበርዎ ዘለዉ ግዜ ፋይናንሳዊን ጉልበታዊን ወፍሪ ንምዕዋት፡ ኩሎም ሞያውያን ክሰርሑ ተላብዩ። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ላዕለዋይ ደረጃ ዝዝርጋሕ ኣብያተ ትምህርቲ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ከም ወጽኢቱ መምህራን ንዘጋጥሞም ክሲማዊ፡ ማሕበራዊ ቁጠባዊ ብደሆታት ተጻዊሮም ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር ይሰርሑ ስለ ዘለዉ፡ የቐንየልና ኢሉ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

ስእሊ፡ ጨ/ስእሊ. ሚ/ዜና

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ኣብቶም 11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ 3 ክፍልታት፦ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ክፍሊ ቍጠባ ከምኡ'ውን ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና ርኢና ነይርና። ኣብዚ ብቐጻሊ ዝቐርብ ዘሎ ሕታማትና ድማ፡ ምስ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓን ጨንፈራቱን ዘላሊ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ ጨናፍር ትምህርቲ፡ ዜናን ፖለቲካዊ ምንቕቓሕን ኣመሰራርታኡን ምዕባለኡን ርኢና ነይርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም ድማ፡ ብዛዕባ ጨንፈር ባህሊ፡ ክንርኢ ኢና።

መበል 12 ክፋል

ጨንፈር ባህሊ፡ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ንጥፈታት ውድብ ክመርሕን ክወሃህድን ብ1975 ዝቘመ ትካል እዩ። ኣብቲ መጀመርታ፡ ጨንፈር ባህሊ ተባሂሉ ቅድሚ ምቛሙ ይኹን ድሓር ክሳዕ 1979፡ ብውሱን ክእለትን ተመኩሮን መዚቃ ማለት ደርፍታትን መዛሙርን፡ ብኣዝዩ ንኡስ መጠን ከኣ ተዋስኦታት ኣዳልዩ ንተጋደልትን ህዝብን ዘቕርብ፡ ኣብ ጽቡብ ዝበለ ናይ ጉስጓስ ንጥፈታት ዝተወሰነ ኣሃዱ ነበረ። ምስ ምዕባይን ምስፋሕን ህዝባዊ ግንባር ኣብ 1981 ካብ ጉጅለታት ባህሊ ብርጌዳትን ክፍልታትን ከምኡ'ውን ካብ ካልኦት ኣሃዱታት ብስርሓት ባህልን ስነ-ጥበብን ደሓን ዝኾኑ ክእለትን ተመኩሮን ኣለዎም ተባሂሎም ዝተለለዩ፡ ካብ ዝተፈላለያ ብሄራት ዝመጹ ኣባላት ጠርኒፉ ዳግማይ ምስ ቆመ ግን፡ ስሩዕ ትካላዊ ቅርጺ ብምሓዝ ኣካላት መዚቃ፡ ስነ-ጽሑፍን ድራማን ኣቚሙ ልዕል ብዝበለ ሞያዊ ደረጃ ክሰርሕ ጀመረ።



ጉጅለ ባህሊ ስንኩላን ፖርትሱዳን

ጨንፈር ስነ-ጥበብ ዘበረ'ውን ብ1984 ኣካል ስነ-ጥበብ ተባሂሉ ኣብ ቅርጹ ኣተወ። ብብቛንቋኡን ባህሉን ከኣ፡ ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ዘይተርፍ ዓወቱን ብመንጽሩ ከኣ፡ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያን ታሪኻዊ ውድቀቱን ከምኡ'ውን ምስሊ መጻኢት ናጻ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ክብ ዝበለ ናይ ምንቕቓሕን ምዝንጋዕን ሓይሊ ዝነበሮ ስርሓት መዚቃ፡ ድራማ፡ ስነ-ጽሑፍን ርእዮታዊ ስነ-ጥበብ (Visual Art) ቅብኣ፡ ቅርጺ፡ ኢደ-ጥበባት ከፍሪ ከኣለ።

እቲ ጨንፈር ኑቲ ዝሕለፍ ዝነበረ መድረኻት ሓርነታዊ ቃልሲ ብብቑዓት ንምግላጽን ዘመጽእ ንምንባይን ኣብ ጭቡጥ ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብን ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታትን ክምርኩስ ስለ ዝነበሮ፡ ብዙተኻእለ መጠን መጽናዕቲ የተኩበ ነበረ። ዝዓለ ዜማታት፡ ትልሂታት፡ ቋንቋዊ ኣገላልጻታት፡ ምስልታት ወዘተ ዘበረን "ስነ-ጽሑፍ - ኣመዓብላኡን ተራኡ ኣብ ሰውራን" ከምኡ'ውን "ድራማ" ዘርእስተን ክልተ መጽሓፍቲ ክጥቀሳ ይኽእላ።

ጨንፈር ባህሊ - ንባህልን ስነ-ጥበብን ብዝምልከት መዛተዩ ኰይና እተገልግል ዝነበረት መጽሔት "ንጹብራቕ" ትሽዓተ ሕታም ኣዳልዩ ዘርግሐ። ("ንጹብራቕ" ኣብ እዋን ናጽነት'ውን ብኽፍሊ ባህልን ቤት ጽሕፈት ባህላዊ ጉዳያት ሚኒስትሪ ትምህርትን ትሽዓተ ሕታማት ኣዳሊያ ዘርጊሓ እያ።) ብቐጻሊ ወድድር ተደሪኹ ብሉጽ ስነ-ጥበባዊ ስራሓት ንኸፈራ፡ ጨንፈር ባህሊ፡ ሓደ ናይ ስነ-ጽሑፍን ብርክት ዝበለ ከኣ ናይ ቅብኣን



ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 70

ካብ ያታዊ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተበገሰ መበቆላዊ ኣቀራርባ ንኽህሉዎ ድማ፡ ኩነታት ሳሕል ብዘፍቅዶ፡ ኣባላት ንትዕዝብትን መጽናዕትን ከም ዝዋፈሩ ይገብር ነበረ። ከም ኣብነት ናይቲ በዚ ጨንፈር'ዚ ዝተኻየደ መጽናዕታዊ ስራሓት፡ ኣብ ዓውዲ ባህልን ስነ-ጥበብን ንዘሎጥፉ ኣባላት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብ መላእ ህዝባዊ ግንባር ከም መምሃሪ ስነ-ጽሑፍን ድራማን ዓቢ ኣበርክቶ

ቅርጻን ውድድራት ወዲቡ እዩ። ናይ መጻኢ ስነ-ጽሑፍ ናይ ትግርኛ ኣብ ምትርጓም'ውን ይነጥፍ ነበረ። ምስቲ ብኣባላቱ ዝፈረየ መበቆላዊ ምርምራውን ስነ-ጽሑፋውን ስርሓት ብሓደ ወገን፡ ናይ ምትርጓም ስራሓት ድማ በቲ ካልእ ወገን፡ ካብቲ ኣብ ውድድር ስነ-ጽሑፍ ዝተሸለመን ካልእ ንምሕተም ብቑዕ ኰይኑ ዝተረኽበን ጽሑፋት ደሚርካ፡ ጨንፈር ባህሊ ብሓልዩቱ ዝተዳለወ ልዕሊ ዓሰርተ መጽሓፍቲ ኣሕቲሙ እዩ።

ጨንፈር ባህሊ፡ ብናይ መዚቃ፡ ድራማን ርእየታዊ ስነ-ጥበብን ኣካላቱን ኣብ ነፍሰ ወከፍ መድረኽ ናይ ቃልሲ ኤርትራ፡ ኑቲ መድረኽ ዘንጸባርቕ፡ ሓርበኛዊ ወኒ ዘለዓዕል፡ ኣነቓቓሕን ኣዘናጋዕን መደባት እናኣዳለወ ኣብ ግንባራትን ደጀንን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓራን ሓውሲ-ሓራን ቦታታት፡ ንተጋደልትን ህዝብን ምርኢታት ዘቕርበሉ ብዙሕ ዑደታት ወዲቡ እዩ። ኣብ 1987 ከኣ፡ ኣብ ሳሕል ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጹ ዜጋታትን ካልኦት ዕዱማትን ዝተሳተፍዎ ሃገራዊ ፈስቲቫል ወዲቡ ኣካየደ። ጨንፈር ባህሊ ካብ 1984 ጀሚሩ ኣብ ሱዳን ናብ ኤርትራውያን ሰደተኛታትን ህዝቢ ሱዳንን ዝቐንዐ ፍሉይ ዑደታት የካይድ ነይሩ እዩ። ብድሕሪ'ዚ ካብ 1989 ክሳዕ 1991 ዝቐጸለ ብፈስቲቫል ቦሎኛ ዝጀመረ፡ ኤርትራውያን ኣብ ዝነበሩሉ ሃገራት ሰሜን ኣመሪካን ኤውሮጳን ዓመታዊ ዑደታት ይፍጽም ነበረ።



ፈስቲቫል ሰውራ 1987 ዓረብ

ምርኢታዊ ዑደታት ጨንፈር ባህሊ፡ ንህዝቢ ናብ ቃልሲ ኣብ ምዕሳል ኣዝዩ ልዑል ግደ ነበሮ። ኣብዚ ኣበርክቶ'ዚ፡ ግደ ጉጅለታት ባህሊ ብርጌዳት/ክፍላተ ሰውራዊት ከምኡ'ውን ጉጅለታት ባህሊ ክፍልታት ምጥቃስ ምግንዛብ ኣድላዩ እዩ። ምኽንያቱ ካብ ጨንፈር ባህሊ ኣትሒዞካ ኩለን'ዘን ዝተጠቕሳ ጉጅለታት ኣብ ጽላት ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ዝሶጥፋ ኣሃዱታት እየን ነይረን።

## ካብ ሰነዳት ስእልታት ሰውራ

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም፡ ኩሉ መራኸቢ ብዙሓን ሚኒስትሪ ዜና፡ ኣቓልቦኡ ናብ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራን ፖሊሲ ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግዜ ሰውራን ብምግባር፡ ኣብ ሬድዮ፡ ቴለቪዥን፡ ጋዜጣን . . . ኑቲ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝካየድ ዝነበረ ንጥፈታት ጽንብል መበል 50 ዓመት ብሰፊሑ ዘኪሩ።

ሓቂ'ዩ ህዝባዊ ግንባር ኑቲ ስሩዕ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ መስከረም 1976 ብወግዒ እኳ እንተ ፈለሙ፡ ኣብ ተጋደልቲ ግን ካብ እግራተኸላ 1970 እያ ጀሚራቶ። ተጋዳላይ ኣብቲ ካብ ውግእ ዘዕረፈሉ እዋን፡ ሓደ ርሳስ ክሳብ ኣብ ኣርባዕተ ሱብ መቓቐሉ፡ ወረቐት ጸባ እንተ ረኺቡ፡ ኣብ እምኒ ኮፍ ኢሉ፡ ዕጥቁ ከየዘለቐ፡ ኣብ ሰለፉ ኣተርኢሱ ኣብ ምጥፋእ መሃይምነት ብልዑል ሓቦ ይሳተፍ ነይሩ። ሳላ ድሌቱን ተወፋይነቱን ኣብ ትምህርቲ ድማ፡ ኩሉ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር መሃይምነት ከም ዘጥፍእ ተገብረ። መሃይም ድማ፡ ከም ነውሪ ይሕሰብ ነይሩ።

እዛ ንርእያ ዘለና ስእሊ፡ ኣብቲ ጽንኩር እዋን ኣብቲ ናይ ምክልኻል መድረኽ፡ ኣብቲ ንምፍሻል ሻድሻይ ወራር ምድላው ዝግበረሉ ዝነበረ፡ መጀመርታ 80ታት፡ ሰኣላይ ናይታ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዓራዳ ዝነበረት ብርጌድ 44 ዝነበረ፡ ሎሚ ኣባል ሚኒስትሪ ዜና ዘሎ ሰለሙን ኣብርሃ ዝሰኣላ ታሪኻዊት ስእሊ'ያ።

ካብዞም ሰለስተ ተጋደልቲ፡ እቲ ጺጋማይ ስውእ መሓሪ ኢማም ኮይኑ እቶም ክልተ ግን ህሉዋት ድዮም ስውኣት ኣይተፈልጡን።



## ሕቶታት ካብ ታሪኽ ሰውራና

1. መበል 10ይ ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ መዓስን ኣበይን ተኻዩዱ፧
ሀ/ ኣራግ 1985 ለ/ ዓሬርብ 1986 ሐ/ ዓሬርብ 1987

2. እታ ኣብ 1985 ዝተመስረተት ቤት ትምህርቲ ኪኑት ዝነበረትሉ ክፍሊ፧
ሀ/ ጨንፈር ትምህርቲ ለ/ ክፍሊ ቍጠባ ሐ/ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓ

3. ካብዞን ኣብ ውሽጢ መሬት ሱዳን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ሰፈራትለን ዝነበረት ቦታታት፧
ሀ/ ሓውልዕ ግልዕ ለ/ ዳት-ቀብርወት ሐ/ ግህተብ ጭልሕንተ

4. ኣብ ዛግረ ዝበሃል ኀቦ ዝነበረ መዓስከር፧
ሀ/ ሰፈር ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንሓጺር ግዜ፡ ለ/ ቤት ጽሕፈታት መሪሕነት ሐ/ ቦታ ምልክት

5. ካብ ቅድሚ ናጽነት ኣካል ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረትን ክሳብ ሕጂ ትቕጽል ዘላን ቤት ትምህርቲ እንታይ ትበሃል፧

6. ክልተ ኣብ ትሕቲ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተመስረታን ክሳብ ሕጂ ኣብ ሳሕልን ኣስመራን ዝቐጸላ ዘለዋን ትካላት ጥቐስ፧

7. ካብዞን ኣብ ልዕሊ ዘመትቲ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝለዓለ ሓደጋ ዘጋጠመለን ቦታታት ጥቐስ፧
ሀ/ ትኹልን ኣሰማጥን ለ/ኢንገልን ሸዕብን ሐ/ትኹልን ኢንገልን

8. ቤት ትምህርቲ ሰውራ ቀሲና ዝተማሃረትለን ዓመታት፧
ሀ/ 1976-1977 ለ/1977-1978 ሐ/1978-1979

9. ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ኣዚለ ጀሚሩ ወይ ጀሚራ ዝለዓለ መዓርግ ትምህርትን ሓላፍነትን ዝበጽሐ ተማሃራይ ወይ ተማሃሪት ጥቐስ፧

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Senior Process Trainer**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- To coordinate process operations and plant specific training programs and activities at Asmara Mining Share Company.
- Establish a solid team, develop training plans for team members and coordinate the development of their skills. Provide a competency-based process training and assessment system in the areas of process plant. to the shutdown plans provided.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

**Health and Safety Management**

- Communicate all Health and Safety procedures and protocols to Process department.
- Accept personal responsibility for the health and safety of every employee under or assigned to his/her supervision.
- Abide by and support others in adhering to safe and efficient practices to prevent damage to equipment, structures and injury.

**Training Planning and Analysis**

- Contribute to the provision of an appropriately trained and skillful workforce for process operations.
- Develop annual training session plans, as well as associated schedules, in consultation with the process management team to make provision for ongoing and expected training.
- Liaise with process management to conduct training needs analysis investigations to create development plans for all process staff in their current roles.

**Training Module Development**

- Research, plan, and develop training modules to meet training needs, as per the competencies required; schedule and socialize training sessions.
- Contribute to the conceptualization, development and update of process learning solutions.
- Secure external vendor training, if required.
- Supervise, coach and develop the activities of all process trainees.

**Training Execution**

- Coordinate and provide cost effective competency-based training and assessment programs to employees to develop required skills and values.
- Conduct both technical and competency-based training for Process Department to enhance operators' skills to meet equipment availability.
- Support Process Department in the process of recruiting workforce to be appointed into Process Operations roles.
- Coordinate both classroom and on-the-job practical scheduling and arrangement of Process Operations training for both employees and contractors in alignment with approved training session plans.

**Training Evaluation and Maintenance**

- Confirm that all training and assessment procedures are followed and all competencies; standards and/or regulations met before signing for the issue of certificate and permit.
- Evaluate trainees performance and develop Process Operations trainees to impart the required technical skills and knowledge, in accordance with prescribed curriculum, programs and standards.
- Oversee all training document controls by forwarding updated and changed content for review and approval.
- Support the development of a continuous improvement culture to ensure training and development remains a top priority for improving operations work quality.
- Record training data and oversee the effective storage of such records via electronic and hard copy means.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Bachelors' Degree in Metallurgy, Mineral Processing, Chemical Engineering or related fields.<br>• Workplace Trainer and Assessor IV |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum of 6 years' generalized experience in Process Plant Operations, with previous facilitation experience, of which 2 – 3 years should be in a supervisory and/or coordinating capacity.<br>• Previous training experience in the mining industry is essential. |
| Technical Skills | • Leadership skill in multi-disciplinary environment.<br>• Advanced mine equipment simulator skills.<br>• Strong training needs analysis skills.<br>• Strong analytical and problem-solving skills.<br>• Strong communication (written and verbal) and interpersonal skills.<br>• Advanced computer application skills<br>• Strong facilitation skills.<br>• Strong stakeholder engagement skills.<br>• Strong coaching and mentoring skills.<br>• Ability to manage multiple tasks, data and crews.<br>• Plan, organize and execution skills<br>• Valid Driver's License |
| Behavioral Skills | • Approachable \| Assertive \| Continuous Learning \| Dedicated \| Goal Oriented \| Influential \| Initiative \| Leadership \| Pro-Active \| Reliable \| Results Driven \| Safety Conscious \| Technically Inclined \| Organized |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# “ምትብባዕ፡ ሕልሚ መጻኢ ደቅና እንድርኸሉ እዩ!” ወለዲ ተሸለምቲ

መም ያቆብ መርሃዊ (ዳኘ)

ቀዳም 03 ጥቅምቲ 2026፡ መባእታን ማእከላይ ደረጃን ቤት-ትምህርቲ ፈንሳይድ ሚሽዮን፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ፡ 89ን ልዕሊኡን ነጥቢ ዝመዝገቡ 61 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 87 ተመሃሮ ሸሊሙ።

እቲ ናይ ምሽላም ስነ-ስርዓት፡ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቐ ብሃገራዊ መዝሙር ፈሊሙ። ብድሕሪኡ፡ ዕላማ ናይቲ ምትብባዕ ኣመልኪቱ መደረ ዘስመዐ ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ፈላንድ ሚሽዮን፡ መምህር ፍስሃየ ኣለም እዩ።

መምህር ፍስሃየ ኣብ መግለጺኡ፡ ዓወት፡ ናይ ዝጸዓሩ ምኻና ድሕሪ ምብራህ፡ ብሉጽ ነጥቢ ብምምዝጋብ ንሽልማት ዝበቕዑ ተማሃሮኦም ተሳተፍቲ ሃገራዊ መርመራ ዓመተ ትምህርቲ 2025ን 2026ን፡ ‘እንቋዕ ኣሐጎሰኩም’ ኢሉ።

ቀጺሉ፡ ኣብዚ ዓመት ምሉእ ነጥቢ (100) ረኺብኩምዎ ዘለኹም ወጽኢት ኣዝዩ ዝሓይድ እዩ፡ ቤት-ትምህርቲ ፈንሳንድ ሚሽዮን ድማ፡ ካብ ብሉጻት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓንቲ እያ። ተማሃሮ ኸኣ፡ ኣብ ዝቐጽል ናይ ትምህርቲ ግዜኹም፡ በርቲዕኩም ክትቕጽሉ ኣሎኩም፡ መምህራንውን እዚ ብመንገዲ ተማሃሮኹም ረኺብኩምዎ ዘለኹም ዓወት፡ ዜያዳ ሓላፍነት ዘሰክመኩም እዩ ደፍኣሉ እብለኩም። ደጊም ንመምህራኑ፡ ወለድን ተማሃሮን ድማ እንቋዕ ኣሐጎሰኩም።”

ካብዚ ቀጺልና፡ ምስ ገለ ካብ ዕዉታት ተማሃሮን ወለዶምን፡ ከምኡ ድማ ኮሚቴ ወለድን ዘካየድናዮ ሓጺር ዕላል ደስዕብ፡

ፈለማ ዘዘራረብናያ፡ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ብዘይ ምቁራጽ ሽልማት እናዓተረት ዝተጓዕዘት ኮም ወጽኢት ናይዚ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ 2026 ምሉእ ነጥቢ (100) ዘምጽኣት ተመሃሪት



ተማሃሪት ሉልያ ምስ ስድራቤታ

ከምኡ ድማ 99.6 ሚእታዊት ዘምጽኡ ክልተ ተማሃሮ ምህላዎም ጠቒሱ፡ እዚ ወጽኢት'ዚ ቤት ትምህርቲ ፈንሳንድ ሚሽዮን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ምህላዋ ዘርኢ ምኻኑ ኣዘኪሩ፡ መምህር ፍስሃየ

ሉልያ ቢንያም እያ። ተማሃሪት ሉልያ ንምስጢር ዓወታ ብኸመይ ዝስዕበ'ያ ገሊጻትልና፡ “ምስጢር ዓወተይ ግዜኻ ብግቡእ ምጥቃምን ዘርባ ወለድን መምህራንን ምስማዕን እዩ። ምዕባይ ሓብተይ ኣብ ናይ 2024 ጀነራል



ተማሃሪት ናዝሬት ምስ ስድራቤታ

ኣለም፡ ኣብ መወዳእታ፡ ዕዉታት ተማሃሮ ብቐዓቶም ዓቢዮም ክቕጽሉ ብምልባው፡ ንዕዙዝ ጻዕሪን ኣበርክቶን ወለዲ፡ ተማሃሮ፡ መምህራንን ኮሚቴ ወለድን ኣማስገኑ።

ዝቐጸለ መደብ፡ ስነ-ስርዓት ምዕዳል ሽልማት ንዕዉታት ተማሃሮ'ዩ። ዕዉታት ተማሃሮ ዝተዳለወሎም ሽልማት - መዳልያ፡ ታብሌት፡ መጻሕፍትን ወረቐት ምስክርን ብጣቐዲትን ዕልልታ ኣደታትን ተሰኒዮም ካብ ኣድ ወከል ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር ማሰፍን ወልደሰላሴ፡ ሓለፍቲ ናይቲ ንኡስ ዞባን መምህራንን ተቐቢሎም።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ መደብ፡ ወከል ሓላፊ ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ መምህር ማሰፍን፡ ከምዚ ዝስዕብ ሓጺር መልእኽቲ ኣሕሊፉ፡ “…ተማሃሮ

99.6 ኣምጺኣ ተሸሊማ ነይራ። ኣነ ኸኣ ነተን ሓፍተይ ዝተጋየተን ክልተ ነጥቢ ክምልኣን ኣበርቲዐየ ጸዒረ። ኣሕዋተይን ወለደይን'ውን ካብ ጎድነይ ስለዝይተፈልዩ ምሉእ ነጥቢ (100) ከምጽእ ክኢለ” ኢላ። ዝተጉበረሎም ናይ ምትብባዕ መደብ ዘሰክሞ ሓላፍነት ክትገልጽ ከላ ድማ፡ “ዓወት፡ ካብ ከተምጽኦ ክትዕቅቦ ዝኸበደ ኮይኑ እስመዓኒ። ስለ ዝኾነ፡ እዚ መተባብዒ ንዓይ ኣብ ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ግዜይ ዓቢ ሓላፍነት ዘሰክመኒ እዩ። ካብዚ ዘለኹዎ ንላዕሊ ንኽዕብዕ ድማ ሞራል ኮይኑኒ ኣሎ” ብምባል ድማ፡ ንጻዕሪ መምህራና ን ቤት-ትምህርቶም ንዘበርከቱሎም ምትብባዕን መጒሳ።

ኣቡኣ ኢጋጣሚ ሓገሳ ከተላፍልና ንወላዲት ሉልያ ቢንያም፡ ወ/ሮ ኣስቴር ግደ'ውን ተወኪስናያ ነይርና። ንሳ፡ ንሉልያ ጓላ ክትገልጻ ከላ፡ “ሉልያ፡ ኣብ ትምህርቲ ዘለዋ ተገዳስነት ኣዝዩ ልዑል እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ንዘወትሩ ትምህርቲ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ተረዲኣቶን ኣጸኒዓቶን'ያ እትመጽእ። ኣብ ገዛ ንመጽናዕቲ ካብ ወለዳ ሓብሬታ ኣይትጸበን'ያ። ንግዜኣ ብግቡእ'ያ ትጥቀመሉ። መጻኢኣ ብትምህርቲ ክትሃንጽ ድማ ወትሩ ኣብ ጻዕሪ እትርከብ ሃብሮም'ያ” ድሕሪ ምባሉ ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ ደቆም ዝገበሩዎ ናይ ምሽላም ተበግሶ ኣመልኪታ ከኣ፡ “ምትብባዕ ንደቅና ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ክልተ ደቀይ ኣብዚ ተማሂረን እየን። ንሰን'ውን ከም ሉልያ ጓለይ ልዑል ነጥቢ ብምምዝጋበን ተሸሊመን'የን። እቲ ዝገበር ዘሎ ምትብባዕ ንተማሃሮ ደቅና ሞራል ዘሰንቕ ብምዃኑ፡ በዚ ኣጋጣሚ ዘሎኒ ልባዊ ኣድናቖት ክገልጽ እፈቱ” ብምባል፡ ዕግበታ ገሊጻ።

ተመሃሪት ናዝሬት ሸሻይ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ዝተዋህበ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ፡ 99.6 ሚእታዊት ብምምጻእ ንሽልማት ዝበቕዓት ሃብሮም ተማሃሪት'ያ። ምስጢር ዓወታ ከተካፍለና ብዙሓተትናያ መሰረት ከኣ፡ “ምስጢር ዓወተይ ብዓቢኡ ደገፍን ሞራልን ወለደይ እዩ። ወለደይ፡ ኣብ ትምህርቲ ይኲታተሉኒ ከምኡ'ውን ንትምህርቲ ዝኸውን መሳለጥያ ወትሩ ምስ ቀረቡለይ'ዮም። ካብዚ ተበገሰ ዕውትቲ ንኽኸውን ዘይተሓለለ ጻዕሪ ሳላ ዘየደኩ ድማ፡ ተዓዊተን ንሽልማት በቒዐ” ድሕሪ ምባል፡ “ተማሃሮ ዕዉታት ንክኾኑ፡ ዘማዕድውዎ ዕላማ ክህልዎምን ናብኡ ንምብጻሕ ድማ፡ ኣብርቲዖም ክሰርሑን እሎምዎም” ኢላ። ኣብ መወዳእታ፡ ዝተዋህባ ሽልማት፡ ንዝቕጽል ህይወታ ኣበርቲዓ ብምስራሕ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽትበጽሕ ሓላፍነት ከምዘሰክማ ኣረዲኣ። ኣብ ዓወታ ልዑል ግደ ንዘተጻወቱ ወለዳን ኣሕዋታን ድማ ኣመስጊና።

ወላዲት ተማሃሪት ናዝሬት፡ ወ/ሮ ሰላም ወልደማርያም፡ ወለዲ ዕዉታት ብምኻን ተደሲተን ካብ ዝረኸብናየን ሓንቲ'ያ። ብዛዕባ ተሸላሚት ናዝሬት ጓልኪ እንታይ ትብልና ክንብል'ውን ተወኪስናያ ነይርና። “ናዝሬት ጓለይ፡ ኣብ ትምህርቲ ኣዝያ ንፍዕቲ'ያ። ካብ 8ይ ክፍሊ ክሳብ'ዚ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ምስ ብሉጻት ተማሃሮ ዕውትቲ እናኾነት'ያ በጺሓቶ። እዚ ናይ ሎሚ ዓወታ ከኣ ተዋህሊሉ ዝመጽአ ናቱ ወጽኢት'ዩ። ግዜኣ ብግቡእ'ያ ተማሕደሮ። ብሓፈሻ፡ ኣዝያ ጻዕራምን ክንሱ ኣሎ በዚሕትን እያ” ድሕሪ ምባል፡ ንወለዲ ተማሃሮ፡ “ደቅና ከሎ ክንብዑ ዘኽእል ዓቕሚ ኣለዎም። እንተኾነ ምክትታል ግን የድልዮም። ብፍላይ ኣብ መባእታ ደረጃ ዝለው ተማሃሮ ደቆም ልዑል ግንዛበ ብምሃብ ክከታተሉ ኣለዎም። ከመይሲ፡ መሰረት ናይ ኩሉ ዓወት ኣብ መባእታ ስለዝሰርሕ” ብምባል ተላቢዩ።

“ተመሃራይ እንተ ጸዒሩ ዓወት ዘይተርፍ እዩ፡ ኣነ ኣብ ትምህርቲ ተገዳሲ ሳላ ዝጸናዕኩ እየ ተዓዊተ። ኣሉታዊ ጽልዋ መዛና መገድኻ ከሰሕተካ ስለ ዝኽእል፡ ምስ መን ትኸይድ ምፍላጥ ወሳኒ እዩ። ስለዚ፡ ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዕዉታት ንክኾኑ ምኽሪ ወለዶምን መማህራኖምን ክሰምዑን ክተግብሩን እሎም” ብምባል ዝገለጸ ድማ፡ 98 ሚእታዊት ነጥቢ ብምምጻእ፡ ንሽልማት ዝበቕዐ ተመሃራይ ኣሕመድ

ዓብደልቃድር እዩ። ተማሃራይ ኣሕመድ ቀጺሉ፡ ወለዱ ዝበርኩሉ ሓገዝ “ወለደይ ንትምህርቲ ዝኸውን ኩሉ መሳለጥያ ይቐርቡለይ እዮም። በዚ ከይተሓጸሩ ናብ ቤት-ትምህርቲ እናኸዱ'ውን ይከታተሉኒ'ዮም። እዚ ድማ'ዩ ናብ ደረጃ ዓወት ክበጽሕ ዝሓገዘኒ” ክብል ኣብሪሁ።



መም/ ፍስሃየ ኣለም

ብዛዕባ ሄርሞን ክገልጽ ከሎ ድማ፡ “ኣነን ብዓልቲ ቤተይን ኣብ ደቅና ልዑል ጥንቃቐ ኢና ንገብር፡ ብፍላይ ኣብ መባእታ፡ ሄርሞን ድማ ካብ ንእሽተይኡ መሰረት ስለዝሓዘ ኣብ ትምህርቲ ‘ኣጽንዕ’ ክትብሎ ኣይደልየን እዩ። ብድልየቱ ኩሉ ባዕሉ'ዩ ዝገብሮም። ንሕና ወለዲ ዘድልዮ ጥራይ ኢና እንቕርበሉ። ልዕሊ ኩሉ ዘዐውቶ እዚ ኮይኑ፡ ኣብ ርእሲ'ዚ ብስራዎት ናብ ቤት-ትምህርቲ



ተማሃራይ ኣሕመድ ምስ ስድራቤቱ

ኣቶ ዓብደልቃድር መሓመድዑስማን ወላዲ ተመሃራይ ኣሕመድ'ዩ። ብዛዕባ ተማሃራይ ኣሕመድ ገለ ክብለና ብዝተወከስናዮ፡ እዚ ዝስዕብ ሓብሬታ'ዩ ሂቡና። “ኣሕመድ ወደይ ተገዳሲት ኣብ ትምህርቱ ካብ ንእሽቶኡ'ዩ ዝጀመሮ። ዘርባ ወለዱን መምህራኑን ድማ ይሰምዕ እዩ። ግዜ ናይ መጽናዕትን ጸወታን ብግቡእ ፈልዩ ከይተሓለለ ጸዒሩ እዩ። እዚ ዓወት ድማ ምስቲ ዝገበሮ ጻዕሪ ይግብኦ እዩ” ድሕሪ ምባል፡ ንወለዲ ኣብ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ፡ “ወለዲ፡ ተማሃሮ ዕዉታት ንክኾኑ፡ ሓያልን ዘይሕለልን ጻዕሪ ክንገብር ይግባእ። ዘለናዮ ግዜ መድረኽ ተክኖሎጂ'ዩ። ስለ ዝኾነ፡ መኣዝን ደቅና ከየጥፍኣልና፡ ልዑል ክትትል ከም ዘድሊ ከዘኻኽር እደሊ። ደቅና ኣብ ዝሓዝዎ ዕዉታት ንክኾኑ ድማ ኣብ ጎድኒ መማህራን ኴንና ክንሰርሕ ኣሎና” ብምባል፡ ቤት-ትምህርቲ ፈንሳይድ ሚሽዮን ንዕዉታት

ምምልላስ'ዩ” ኢሉ፡ ትምህርቲ ጻዕሪ ኩሉ ዝሓትት ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዘይሕለል ጻዕሪ መማህራኑ ወለዱ፡ ኣብ ገዛ ንደቆም ብሱምጥር ንኽመላለሱ ግደኦም ክጻወቱ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መወዳእታ ዘዘራረብናዮ፡ ኣባል ኮሚቴ ወለዲ ቤት ትምህርቲ ፈንሳይድ



ተማሃራይ ሄርሞን ምስ ስድራቤቱ

ደቆም ዝወሰዱ ናይ ምትብባዕ ስጉምቲ መጒሱ።

ተመሃራይ ሄርሞን መድሃኔ፡ ኣብቲ ሃገራዊ መርመራ 99 ሚእታዊት ነጥቢ'ዩ ኣምጺኡ። ተመሃራይ መድሃኔ፡ “ምስጢር ዓወተይ ከይተሓለልካ ምጽናዕ እዩ። ጀነራል ካብ 6ይ ክፍሊ ኣትሒዘካ ከተጽንዕ ኣለካ፡ ኣነ ድማ ግዜ ሂበ ከይተሓለልኩ እየ ኣጽኒዐ። ካልኦት ንፉዓት ኣሕዋት ስለ ዘለዉኒ'ውን ቅዱስ ቅንኢ ኣሕዲረ ነይረ። ብልጫ ክወስዱ ከለዉ እቐንእ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣሰርም ክስዕብ ግዜይ ብግቡእ እጥቀመሉን ምኽሪ ወለደይ ዘኽብርን'ዩ። ” ብምባል ምስጢር ዓወቱ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ዝበረኸ ደረጃ በጺሑ ንወለዱን ሃገርን ክኸሕስ ራኢ ከም ዘለዎ ሓቢሩ።

ወላዲ ሄርሞን፡ ኣቶ መድሃኔ ሃይለ

ሚሽዮን፡ መም/ ዮናስ ኣማኑኤል እዩ። ንሱ ንቲ ምትብባዕ ኣመልኪቱ፡ “ኣብ ቤት-ትምህርትና፡ ምትብባዕ ባህሊ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኢና፡ ዓመት መጺኡ ንብሉጻት ተመሃሮ ከነተባብዕ ጸኒሕናን ዘለናን። ምትብባዕ ኣብ ተመሃሮ ዘለዎ ኣበርክቶ ኣቕሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ንሕና ኮሚቴ ወለዲ፡ ምትብባዕ፡ ሕልሚ መጻኢ ደቅና እንድርኸሉ ምኻኑ ኢና እንኣምን። ዝ ተገዚቡና ድማ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝበልጽ ከተካይዶ ናይ ወትሩ ጻዕርና እዩ። እዚ ዓወት ናይ ተሸለምቲ ሎም ዓመት ድማ ወጽኢት ወለዲ፡ መማህራንን ተመሃሮን'ዩ። ስለዚ ወለዲ፡ ደቅና ካብዚ ንላዕሊ ንኽኾኑ ዓጢቕና ክንሰርሕ ኣሎና” ብምባል ምትብባዕ ኣብ ተማሃሮ ዘለዎ ጽልዋን ዝሃበርዎ ዘለዉ ጻዕርን ገሊጹ።

